**ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ**
*ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን*

جبهة الإنقاذ الوطني الإرتري
مكتب الإعلام والثقافة

**ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT**
**INFORMATION & CULTURAL OFFICE**
ensf.info@gmail.com

# ኣብ ወሽመጥ ዓረብ ዝነብሩ ኤርትራውያንን ኣብ ኣመሪካ ንክጣየሱ መደባት ኣሎ !

መንግስቲ ኣመሪካ፣ ኣብ ወሽመጥ ዓረብ ካብ ዝነብሩ ኤርትራውያንን ሶርያውያንን፣ ኣብ ኣመሪካ ንክተጣይስ ድልውቲ ኢያ ዝብል መግለጺ ብቤት ጽሕፈት ላዕላዋይ ኮምሽን ስደተኛታት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኣቡ ዳቢ፣ ዋና ከተማ ኢማራት ዓረብ (UNHCR OFFICE - Abu Dhabi ) ኣብ ዝሓለፈ መዓልትታት ከም ዝተዝረገሐ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ። እዚ መግለጺ'ዚ ምስ ተሰምዐ፣ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈት ኮምሽን ስደተኛታት ካብ ዝተፈላለየ ከተማታት ኢማራት ዓረብን ካልኦት ሃገራት ወሽመጥ ዓረብን ብዝመጹ ኤርትርውያንን ዒቚ ከም ዝበለ ተፈሊጡ። ብሰንኪ'ዚ ከኣ፣ ምዝገባ ዝካየደሉ ግዜ ሰኑይን ሮቡዕን ንክኸውን ከም ዝተወሰነ ኣቲ ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ።

ንዜጋታት ናይ'ዘን ክልቲኤን ሃገራት ንምቅባል፣ መንግስቲ ኣመሪካ ዘርኣዮ ቅሩብነት፣ ኣብ ክልቲኣን ሃገራት ዘይምርግጋእን፣ ፖለቲካዊ ጸገማትን ሰፊኑ ስለ ዘሎ ኢዩ ክብል ሓደ ካብ'ቶም ሓለፍቲ ቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ኮምሽን ስደተኛታት ገሊጹ።

ኣብ ኢምባሲ ስርዓት ህግደፍ ዝሰርሑ ኤርትራውያንን ስድረኦምን ከይተረፉ ኣብ ኣመሪካ ንክጣየሱ ድሮ ተመዝጊቦም ምህላዎም፣ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዓሚቚ ቅልውላው ኣቲዩ ምህላዎ ዝሕብር ኣብነት ምዃኑ ንብዙሓት ተዓዘብቲ መዛረቢ ጉዳይ ኮይኑ ምህላዉ ተፈሊጡ።
እቲ ዝገርም ከኣ፣ ቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ኮምሽን ስደተኛታትን (UNHCR OFFICE - Abu Dhabi ) ኢምባሲ ስርዓት ህግደፍን ኣብ ሓደ ካባቢ ዝርከቡ ኮይኖም ካብ 20 ክሳብ 30 ሚትሮ ጥራሕ ኢዮ ዝፈልዮም።

*"ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ" !!*

*ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን*
*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ !!*
*21 መጋቢት 2017*